M05/1/A1TIG/SP1/TIR/TZ0/XX

22050315

**TIGRINYA A1 – STANDARD LEVEL – PAPER 1**
**TIGRIGNA A1 – NIVEAU MOYEN – ÉPREUVE 1**
**TIGRIÑA A1 – NIVEL MEDIO – PRUEBA 1**

Tuesday 3 May 2005 (morning)
Mardi 3 mai 2005 (matin)
Martes 3 de mayo de 2005 (mañana)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

---

INSTRUCTIONS TO CANDIDATES

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Write a commentary on one passage only. It is not compulsory for you to respond directly to the guiding questions provided. However, you may use them if you wish.

INSTRUCTIONS DESTINÉES AUX CANDIDATS

- N'ouvrez pas cette épreuve avant d'y être autorisé(e).
- Rédigez un commentaire sur un seul des passages. Le commentaire ne doit pas nécessairement répondre aux questions d'orientation fournies. Vous pouvez toutefois les utiliser si vous le désirez.

INSTRUCCIONES PARA LOS ALUMNOS

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Escriba un comentario sobre un solo fragmento. No es obligatorio responder directamente a las preguntas que se ofrecen a modo de guía. Sin embargo, puede usarlas si lo desea.

ካብዞም ሲዒቦም ዘለዉ ክፋል ስነ-ፁሑፋዊ ስራሕትታት ነቲ ሓደ መሪፅካ/ኪ
ብምግም.ጋም ሪኢ.ቶኻ/ኺ ሃብ/ቢ።

**1.** (a)

# ዘይዕጹም ጋሻ

እምነት
ብስርዓት ብዕሊ፣
እኸለ ማይ ቀሪብካ ኣብ ትሕቲ ፅላል ዳስ
ከምቲ ንቡር ባህሊ፡፡
ብምሉእ ልቦና ብምሒር ሃረርታ
ጋሻ ክትቕበሉ፣
ስድራ ተሓጒሶም ዙፋን ፍቕሪ ይንገስ
ጋሻ ደስ ይበሉ፡፡
ኣብ ኣጉዶ ደምበና ሓንጎፋይ ክንብሉ
ክሕበን ኮሪዑ፣
ልቡ ከመልኣሉ ናብ ሰቡ ክፅምበር
ጉልባቡ ቀሊዑ፡፡
ፀጊቡ ክረዊ ክምርቕ ከመስግን
ንዓና ንዕዑ፣
ጋሻ ክይኸፍእ ዘይተሓሰበ ኣይምፃእ
ተዘይተፀዊዑ፡፡
ኣበይ ኣለኻ ዝብሉ ዝቕበል ብኽብሪ
ቦቕቢቑ ሓዚኑ፣
ሓቒሉ ዝስዕም ዝእንግድ ዘሰልፍ
ዘሳሲ ስኢኑ፡፡
ክብረት ካብ ዝሓርም ጉዝጓዝ ተዘይብሉ
መዕረፊ ንጎኑ፣
'ታይ ገበረ ጋሻ ምምፃእስ ይትርፎ
ዕጹም ተዘይኮይኑ፡፡
ብሃበ ተረኸበ ዓይኒ ዕሙት ዕድመ
ወድሰብ ረቢቡ፣
ትዘዝቖደመ ዕጹም ጋሻ ሰብና
ኣብ ሰብ ተደሪቡ፣
በዝሒ ቁፅሪ ዕጹም ክንቅበል ክንስኒ .
ብርከና ረብሪቡ፡፡

…
ቀይዲ በተኽ ዕድመ ልዕሊ ናትና ባህጊ
ገዛና ዘይዓቕሙ፤
ዓቐን ዝሓለፎ ቁፅሪ ደቂ ሰባት
ዕዳ ተሰኪሙ፤
ገፅ ኣይናሃብ ንሕና ሰብና ኣብ ዘይግዚኡ
ክመፅእ ቀዲሙ፤
'ታይ በዲሉ ነይሩ ኣብ ፀልማት ዝሓድር
ጋሻ ተለኪሙ።
መፅለሊ ዘይብሉ ተፀብዩ ዝቕበል
ሓቐፉ ዘሕድር፤
ኣንጋዲ ዘይብሉ ዕኹቲ ቑፃር ሒዙ
ኣምሲሑ ዘድርር፤
እንግድዓ መብረ ዝሕብሕብ ዝዕንግል
ዘይብሉ ዝጥውር፤
ዘይዕዱም ጋሻና ኣይምፃእ ይቕረዮ
ናብ ድኳት መዋጥር።
እንተይተደልዩ መፂኡ ኣልቦ ተቐባሊ
ካብ ዝሓድር ፆሙ፤
'ታይ ኣበሰ ጋሻ ኩሉ ዘይተርፎ
ተዘይተዓዲሙ።
ትምኒት ልዕሊ ዓቕሊ ዝሓዝና ዘይብልና
ኣብ ፀቢብ መጠሻ፤
ገና ኣብ እግሪ ተከል ብርኪ ከይወንወነ
ኣብ ናብራ ኣለሻ፤
መዘዝ ከይስዕብ ሓንሳብ ንዘንትእለት
ኣርሒቕካ መገሻ።

ካብ መምህሪ መፅሓፍ 11 ክፍሊ (1993 ዓ/ም)

– እቲ ገጣሚ "ዘይዕዱም ጋሻና" እናበለ ዝፅውዖ ንመን ይመስለካ/ኪ? ፅሚቕ መልእኽቲ (ቴማ) እዚ ግጥሚ'ኸ እንታይ እዩ ትብል/ሊ?

– እቲ ግጥሚ ብኣወቓቕራ ሓረጋትን ተለላታትን ካብ ልሙዳት ግጥምታት ትግርኛ እንተይ ፍሉይ ብልሓት ረኺብካሉ/ክሉ?

– እቲ ግጥሚ በየናይ ምስላዊ ኣዘራርባ እዩ ቐሪቡ? እቲ ገፀ-ባህርይ'ኸ ነቲ ጋሻ ዝፈርሖ ንምንታይ ይመስለካ/ኪ?

– እቲ ግጥሚ ዘለዎ ኣጠቓቕማ ቓላት መሰረት ጌርካ/ኪ ገምግም/ሚ።

**1.** (b)

# ክውለድ'የ

ኣብ ሓንቲ ጣብያ ጥዕና ልዕሊ ኣርብዓ ዝኾኑ ሕሙማት ኮፍ ኢሎም ታረኦም ኣብ ምፅባይ ይርከቡ።ሓንቲ ምንማንያ ብኽልተ ኣጓብዝ ተደጊፋ ትቕንዘው ኣላ። ካብ ገፅ እቲ ሓደ መንእሰይ እውን ራሃፅ ኮለል እናበለ ይወርድ። ሓደ ሰብኣይ ኣብ ልዕሊ ሰለፍ ካልእ ሰብ ዝልዕፍዕፍ ኢሉ ሃሪሱ ይርእ። ሲበት ዝወረሮም ሽማግለ ኣብ ሓደ ወንበር ግድም ኢሎም ዝተታኸሱ ይመስሉ። እናተደገፉ ዝኣትዉ ሕሙማት'ውን አለው። ዝተመርመሩ እንትወፁ እታ ነርሲ ሰብ ተራ እናፀወዐት ናብ ክፍሊ መርመራ ትኣትው። አደይ'ውን ንዓይ አብ ከብዳ ሒዛ ኮፍ ኢላ ታርኣ ትፅበ ኣላ።

"ንምኻኑ አደይ እንታይኪ ሒሙኪ እዩ ናብዚ ዝመፃእኺ?" በልኩዋ ድንገት። ኣብዚ እዋን እዚ ኣደይ ክትኣምን ኣይካኣለትን; ዘሊላ ንኽትጎይይ በርደግ በለት። "ፅንሒ 'ሞ! ኣይትደንግፂ; ኣይዞኺ" በልክዋ ንኽትረጋጋዕ ደልዩ።

"ንም኿ኑ መን ኢኻ ንስኻ?" ኢላ ሓተተትኒ።

"ኣነ ወድኺ እየ! መን ድኣ መሲሉኪ?"

"ሰይጣን እንተኾንካኸ ብምታይ ይፈልጥ?"

"ሰይጣንማ ከምዚ ብገሃድ ኣይዛረብን። ወድኺ'የ እመንኒ"

"ኣነ አይኣምንን። ጥንሲ ኣብ ሳልሳይ ወርሑ'ዶ ይዛረብ እዩ? በለትኒ።

ብኢዳ ከብዳ ድርዝ ድርዝ ምስ ኣበለቶ ኣብ ውሽጢ ማህፀና ዘለኹ ም኿ነይ ምእንታይ ክትኣምን ክልተ ግዘ ገልበጥ ገልበጥ በልኩ።

"ናይማን ንስኻ ኢኻ! ንምኻኑ ከመይ ክትዛረብ ክኢልካ?" በለትኒ።

"ነቲ ምኽንያት ኣነ'ውን ኣይፈልጦን። ተኣምር ፈጢረ ግን ይመስለኒ"

"እንዳሓኪም ንምንታይ ከምዝመፃእኺ ዘይትነግርኒ" በልክዋ ብምቕፃል።

"እቲ ታሪኽ ነዊሕ ስለዝኾነ ንዕዑ እንድሕር ዘይጠየካኒ ነቲ ዝመፃእኹሉ ምኽንያት ክነግረካ ይኽእል እየ" በለትኒ።

"እቲ ታሪኽ'ውን ምስማዕ መሰለይ እዩ። ቅድም ቀዳድም ግን ዝመፃእኽሉ..."

"ዝመፃእኽዎማ ንዓኻ ንምስዳድ እዩ"

"ንዓይ ክትጭንግፊ?!"

"እወ! ብሓኪም ክትወፀኣለይ ንምግባር"

"ንኽይውለድ!"

"እወ!"

"ኣነስ ክውለድ እየ" በልክዋ ዓው ኢለ።

"አረ ሰብ ከይሰምዕ ቀስ በል" በለትኒ።

ኣደይ ድንግርግር በላ። ሱቕ በል ንምባል ይመስለኒ ንኽብዳ ጠፍ ጠፍ ኣበለቶ። ብኣዘራርባይ ትዋረድ ይመስላ ከምዘሎ...

"እቲ ዘጥነሰኪ ሰብኣይ ዋላ ኣይጠቕልልኪ መዕበዪ ኢሉ ንምንታይ ገንዘብ ዘይሃበኪ?" በልክዋ።

"ይትረፍ ገንዘብ ክህበኒ ጭራሽ ምውላድካ እውን ኣይደለየን" በለትኒ ቁርፁ ክትነግረኒ ደልያ።

"እሞ ስደድዮ ኢሉኪ 'ዩ"

"እወ!"

"ገንዘብ ከየውፅእ ድዩ?"

"ስሙ ከይጠፍእ እባ!"

"ንክብሪ ክልቴኹም ኣነ ክመውት"

“እንታይ ክንገብር ኢልካና ኢኻ፣ ፀጊሙና እኮ’ዩ። ድማ ብኣኻን ብኣናን ኣይተጀመረን።”

“ገደል እተዉ! ኣነ ግን ክውለድ እየ”

ድሕሪ እዚ ንምንታይ ክውለድ ከምዝደሊ ዘርዚረ ነገርክዋ። “ስርዓት ዓለምና ሕማቕ ይኹን እምበር ብዙሓት ፅቡቓት ነገራት ስለዘለዉ‘ዎ ተወሊደ ምርኣይ ይደሊ። ጉያ ቊልዕነት፣ እቲ ዕንደራ፣ ፀወታ፣ ኮታስ ኩሉ ሕልሚ ቊልዕነት ክተርፈኒ ኣይደልን። እቲ ጉብዝናይ ካብ ብሕዚኡ ይናፍቐኒ ኣሎ። ካብ ርሑቕ ዝፃውዑን ሸዊት ዕፉን ዝመስሉን ኣስናን፣ ዓይኒ ደርሆ ዝመስሉ ኣዒንቲ፣ ዝተመዓራረዩ ሽምጥን ምሕኹልትን፣ ዝነጥፉን ከም ኩናት ዝዓለሙን ኣጥዋት ኣብ ፅብቕቲ ጓል ምርኣይ ካብ ብሕዚኡ ኣብ ውሽጢ ማህፀንኪ ኮይነ ይምነዮም። ከም ቆልዓ ዝንቅጥቀጡ ክናፍርኪ ዘይስዕመሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎ? ጣፍ ሕዳር ዝመስል ጨጉርኺ እናደራረዝኩ ጥበብ ፈጣሪ ዘየድንቐሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎ?

ምናልባሽ በኤድስ ተሞትካ’ኸ ትብልኒ ይኸውን። ዓሻ ኣይምሰልኪ። ሓደ ወዲ ምስ ሓንቲ ጓል ዝብል መምርሒ ይጥቀም። ንህይወተይ ዋጋ ክህባ እየ። ንስኻትኩም ኣትሒዝኩምኒ እንተኾነ’ውን ንኻልኦት እናምሃርኩ ዕድመይ ክሳብ ዝፈቕደለይ ክነብር እየ እምበር ተስፋ ኣይቆርፅን።

ኣደይ መዓረይ ኣነ ክውለድ እየ። ንዓይንኻ ዝስሕቡ ጎቦታት፣ ሩባታት፣ ዕምበባታት ዘለውዋ መሬትና ፅባቐኣ እናረኣኹ ክንሸራሸረላ እየ። ኣብ ዝፀረየ ሰማይ ዝነፍራ ኣዕዋፍ፣ ኣብ ልዕሊ ርሑቕ ሰማይ ዘዘንብዋ ሽላታት፣ ፅምብላሊዓት ምስ ጮራን ፅላልን ተሰማሚዖም ዝፈጥርዎ ፅባቐ፣ ወርሒ ለይቲ ደሚቓ ብማእኸል ኣቑፅልቲ ነቲ ብርሃና እንትተሸልኾ ተውፍየለይ ታሕጓስ፣ እቲ ወራዲ ማይ ንመሬት እናወቕዐ ከም ሰብ እንትዛረብ፣ ቃላያት እንትዓፍሩ፣ ደመና ነቲ ካልእ ደመና እንተባርር፣ ንፋስ ብማእኸል ኣእዋም እናጎየየ ናይ ተፈጥሮ ዜምኡ እንተስቆንቁን… ነዚ ፅባቐ ብጥቕልሉ ንምርኣይ ዝላዓለ ባህጊ ኣለኒ።

ኣረ ክውለድ እየ። ኩሉ ሰብ ከማኻትኩም ክፉእ ኣይመስለኩም። ርጉማት ጥራሕ እንተይኮኑስ ሕያዋት እውን ኣለዉ። ነቲ ፈስፋስ ሓቀኛ፣ ነቲ ክዳዕ እሙን፣ ነቲ ዕቡይ ትሑት፣ ነቲ ክፉእ ሕያዋይ፣ ነቲ ኣመንዝራ ጨዋ፣ ነቲ ሕሱም ፈታዊ ሰብ… ነቲ ገበነኛ ናፃ ሰብ ኣብ ቀረባ ይኹን ኣብ ርሑቕ ኣለዎ። ስለዚ ቅኑዕ ሰብ ምርኣይ ካብ ብሕዚኡ ይናፍቐኒ ኣሎ።

ብመስፍን ሃ/ማርያም (1991 ዓ/ም)

– በዚ ሓፂር ልቢወለድ ክመሓላለፉ ዝተደለዩ ንኡሳት ቴማታት ዘርዚርካ/ኪ ግለፆም/ፅዮም።

– ኣብ መንጎ ኣዘንታዊ ቀዳማይ ሰብን እቶም ሰባትን ዘሎ ዝምድና ኣማዕብል/ሊ።እቲ “ጥንሲ” ክውለድ ዝደለየ መን እዩ? ክውለደሉ ዝደለየሉ ቀንዲ ምኽንያት’ከ እንታይ ይመስለካ/ኪ?

– ብመንፅር ምውዳድ ዓንቀፅ (ፅምረት፥ንፁርነትን፥ ሓድነትን) እቲ ፅሑፍ ብኸመይ ትግምግሞ/ምዮ? ኣብነት ካብቲ ፅሑፍ እናቕረብካ/ኪ ዘትይ/ዪ።

– ብመንፅር ሜላታት ምስፍሕፋሕ ዓንቀፅ እቲ ፅሑፍ በየናይ ሜላ ሰፊሑ ትብል/ሊ?